# ፪ይ ሰንበት ዘጽጌ 2019 ዓ.ም.

## ጥቅምቲ 8 2019 ዓ.ም. (10/18/2026)

መዝሙር፡ኪነ ጥበቡ መንክር ውዕጹብ...ሥራሕ ጥበቡ ዘገርምን ዘደንቕን እዩ፥እቲ ኣብ ሰማየ ሰማያት ዘሎ ኣባና ምሕረቱ ገለጸ ንሰማይ ብኸዋኽብቲ ኣብሪሁ ዝኸለሎ፥ንምድሪ ብጽሩይ ዕምባባ ዘገጸ፥ ሰንበት ከም ንቡር ከዕርፉ ምእንቲ ዝሰርዐ፥መኣዛ ቅዱሳን ከም ሽቱ ሊሊ ኣብ ቆላታት፥ቃርፋን ናርዶስን ዓምበቡ።

ንባባት:ኤፌ፡ 6፡1-10፥ ራእ 12፡1-13፤ ግ.ሓ. 7፡23-30፥ ሉቃ 1፡39-46።

ምስባክ፡ተዘከር እግዚኦ ከመ መሬት ንሕነ ሰብእሰ ከመሳዕር መዋዕሊሁ ወከመ ጽጌ ገዳም ከማሁ ይፈሪ። ኦ ጎይታ መሬት ምዃና ዘክር፥ሰብ ከም ሳዕሪ ምዃኑ መዋዕሉ ከም ዕምባባ በረኻ ከምኡ ከም ዝፈሪ ዘክር።

ሥራሕ ጥበቡ ዘገርምን ዘደንቕን እዩ እቲ ኣብ ሰማየ ሰማያት ዘሎ ኣባና ምሕረቱ ገለጸ። ኣብ ዓለም ዝርከብ ፍጡር ኩሉ ክብሪ ኣምላኽ ይገልጽ።ኣብዚ ሰንበት ዝዝመር መዝሙር ኣምላኽ ብስነ ጽባቐ ፍጡራት ዕሞቕ ፍቕሩ ከምዝገለጸ ይገልጸልና። ናይ ፍጡራት መልክዕ ነቲ ፈጠሪኦም ዝሃቦም ህያብ ይምስክሩ። ኩሉ ተዋሂቡ እዩ። ፍጡራት ካብ ኮና ተዋሂብና ኢና። ውህበት ኣምላኽ ነቲ ዝተዋህቦ ዝለዓለ ህያብ እዩ። ክከም ዓቕምና ነናትና ህያብ ኣሎና። ነዚ ወሃቢ ኣምላኽ ክነምስግኖ ግቡእ እዩ።

፪ይ ሰንበት ዘጽጌ ህያብ ኣምላኽ ብማርያም ክነስተንትን ይሕግዘና። ማርያም ብስራት መድኃኒን ናይ ኤልሳቤጥ ዘመዳ ምጽናስን ብመልኣኽ ምስተነግራ ተቐላጢፋ ናብ እንዳ ዘካርያስ ክትሕግዝ ኸይዳ። ምኽንያቱ ኤልሳበጥ ብጽሕቲ ነፍሰጾር ስለ ዝነበረት። ማርያም ክትጉዓዝ እንከላ ኣብ ከርሳ ኢየሱስ ሕጻን ነሩ። ከም ታቦት ኪዳን ኣብ ከርሳ ጸራቶ ትጉዓዝ ነራ። ነቲ ሰማያት ክጾርዎ ዘይክእሉ ንሳ ኣብ ከርሳ ጾሮቶ ይብለና ውድሴ ማርያም። ኣብ መገዲ ብዙሓት ዝጓነፍዋ ዝነበሩ ኣብ ከርሳ ዝነበረ እንተ ዝፈልጡ እንታይ ኮን ምበሉ ብርግጽ ንእኣን ንወዳን ፍሉይ ክብሪ ሂቦም መገልገልዋ። ዕብየት ወዳ ንእኣ እውን መዕበያ።

ማርያም ጉዕዝኣ ቀጺላ ኣብ እንዳ ዘካርያስ ምስ በጽሐት ኤልሳቤጥ መንፈስ ቅዱስ ወሪድዋ ክትንበ ጀመረት፥ ኣብ ከርሳ ዝነበረ ዮሓንስ ምስ ማርያም ምስ ተራኸበ ብተሕጓስ ክሰራሰር ጀመረ እዚ ኸኣ ዮሓንስ ናይ ኢየሱስ ጎይታ መን ምዃኑ ጌና ኣብ ከርሲ ኣዲኡ እንከሎ ስለ ዘላለየ እዩ። ኣበው ነዚ ከስተንትኑ ከለዉ ዮሓንስ ሽው ተጠሚቑ ይብሉ።

ሉቃስ ወንጌላውን ብዙሓት ተርጎምቲ ቅዱስ መጽሓፍን ሰውነት ደቂ ሰብ ናይ ኣምላኽ ናይ ድሕነት ሥራሕ መጋበሪ ከምዝኾነ ይገልጹ። እዚ እዩ ትስብእቲ ክርስቶስ ዝነግረና። ማርያም ኣብ ከርሳ ትስብእትን ኣምላኽነትን ብሓደ ጸራቶ። ሉቃስ ብንጹር ፍልልይ ማርያምን ኤልሳቤጥን፥ ኢየሱስን የውሓንስን ይነግረና። ኢየሱስ መሲሕ ወዲ ኣምላኽ ብሞቱን ትንሣኤኡን ንዓለም ጨሪሹ ዝቕይር እዩ። ኣብ ኢየሱስ ውህደት ኣምላኽነትን ትስብእትን ብግሉጽ ኣብ ምድሓን ደቂ ሰብ ተራእዩ። እዚ ኹሉ ተግባራዊ ክኸውን ቀንዲ መጋበሪ ዝኾነ እቲ ካብ ማርያም ብዝተወስደ ሥጋ እዩ።

ማርያም ኣብ ገዛ ዘካርያስ ክትከይድ ዘገደዳ ነገራት እንተ ርኤና፥

- ነቲ ብመልአኽ ዝተነግራ ብምስማዕ ብእምነት ከይዳ፥ ኣብ ኣገልግሎት ወፊራ ንኤልሳቤጥ ነፍሰጾር ዘላ ዘመዳ ኣብ እርጋና ኣምላኽ ምሕረት ዝገበረላ ክትሕግዛ ከይዳ። ነዚ መሰረት ገርና ሓጋዚት ጽጉማት እናበልና ንጽውዓ።ነፍሲ ወከፍና ነሕዋትና ክነገልግል ክርስትያናዊ ሓላፍነትና እዩ።

- መገሻ እዩ ነሩ፥ ካብ ዓዳ ናብ ካልእ ከይዳ ካብ ገዝአ ክተግልግል ወጺኣ ምናልባት ንሳ እትአልዮም ገዲፋ ቀዳምነት ንኤልሳቤጥ ሂባ። ኣብ ሕይወትና ኣምላኽ ክንሕግዝ ክነገልግል ምልክት ይህበና ነቲ ምልክት ኣንቢብና ክንክእል ናታትና ግደ እዩ።

- ኣብ ኣምላኽ ዝቐረበ ክልአኽ ግድን እዩ፥ ነብያት ልኡኻት እምላኽ እዮም፥ ሓዋርያት ተላኢኾም፥ ኣምላኽ ክልእኽ ይደሊ ኣብ ኢሳያስ 6፥8 ሽው እግዚኣቢሔር ንመን ክልእኽ፥ መንከ ክኸደልና እዩ፥ ኪብል ሰማዕኩ ኣነ እውን እነኹ ልእኸኒ በልኩ ይብል፥ ንሰባት ክረድእ፥ መልእኽቱ ከመሓላልፍ፥ ዝኾነ ክብል ክገብር ምስ ደለየ ሰባት ክልእኽ ድለቱ እዩ። ማርያም ኩሉ ግዜ ልእኽቲ ድለት ኣምላኽ እያ። ናይ ሎሚ ልኡኻት መልእኽቲ ኣምላኽ ኣነን ንስኻትኩምን እና። ከምቲ ጳውሎስ ኣብ መልእኽትታቱ ዝብሎ ንሕና ልኡኻት ኣምላኽ ኢና። ክትልአኽ መጀምርያ ክትአምን ይግባእ ዘይአምን ክልአኽ ኣይክአልን እዩ። ልኡኻት ኣምላኽዶ ኣሎና?

ኣብ ቤት ዘካርይስ ምስ ኣተወት ንኤልሳቤጥ ሰላም ምስ በለታ እቲ ሕፃን ኣብ ከርሳ ተሰራሰረ ንኤልሳቤጥ ከአ መንፈስ ቅዱስ መልአ እሞ ዓው ኢላ ንስኺ ካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ እቲ ኻባኺ ዝውለድ ሕጻን እውን ዝተባረኸ እዩ . . . . እቲ ካብ እግዚአብሔር ዝተነግረኪ ቃል ከም ዝፍጸም ስለ ዝአመንኪ ብፅዕቲ ኢኺ በለታ። ኣብዚ ዓሚቕ ትምህርቲ ኣሎ፥

- መንፈስ ቅዱስ ምስ ኢየሱስን ማርያምን ይመጽእ፥ ሽው ናይ ሓጎስ ምስጋና መዝሙር ክንዝምር የኽእለና።ቃል ማርያም ንስማዕ እሞ መንፈስ ቅዱስ ክመልአና እዩ። ቃል ማርያም ምስ ቃል ወዳ ዝተተሓሓዘ እዩ። ወደይ ዝበለኩም ግበሩ እዩ ቃላ።

- ንኣምላኽ ኣብ ልብና ብፍሉይ ሥጋኡን ደሙን ክንቅበል ከሎና ቡራኬ ይወርደና ሽው ሓጎስ ደስታን ሰላምን ይመልአና። ምስ ክርስቶስ ምርኻብ እቲ ዝለዓለ ጸጋ እዩ፥ ኤልሳቤጥ ነዚ እያ ኣስተማቒራ። ንማርያም ዝረኸበ ንኢየሱስ ይረክብ፥ ኢየሱስ ብማርያም ኣቢሉ እዩ መጺኡና ብአቢልና ኸአ ንቕረቦ። ቤት ዘካርያስ ኢየሱስ ብማርያም እዩ መጺእዎም። ሎሚ እውን ብማርያም ክመጽአና ንለምና፥ ሒዝክልና ምጽኢ ንበላ።

- ነቲ ብኣምላኽ ዝውሃበና ብእምነት ክንቅበሎ ከሎና ኣብ መዓርግ ብፅዕና ንሓልፍ። ገለ እዋን ክርድአና ከቢድ እዩ፥ኤልሳበጥ ብጽእና ማርያም በቲ ንመልአኽ ዝሃበቶ መልሲ ርእያቶ። ንዝተባህለኪ እትአምኒ ንስኺ ብጽእቲ ኢኺ ትብላ። ንሕናውን ብኣምላኽ ንዝብሃለና ክንቅበል ሕራይ ክንብል እሞ ኩሉ ኣብ ኢድ ኣምላኽ ክንሓድጎ ሽው ጸጋን በረከትን ኣምላኽ ምሳና ኣሎ።

- ኤልሳቤጥ ኣብ ማርያም ኣምላኽ ከመይ ገሩ ድለቱ ከምዝፈጸመን ከመይ ገራ ንሳ ከም ዝመለሰትን ርእያ ኣመስጊናታ፥ ንማርያም ብእሽታአ ክነመስግና ይግባእ።ነፍሲ ወከፍና ኣምላኽ ሕራይ ክንብሎ ዝሓተና ነገር ኣሎና። ልዕሊ ኹሉ ነቱ ኮና ቅዱስ ሕይወት ክንመርሕ፥ መጋበርቲ ድሕነት ኣምላኽ ክንከውን፥ መልእኽቲ ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ክነብጽሕ።

ኤልሳቤጥ ናይ ማርያምን ኢየሱስን ዕብየት ተረዲኢዋ፥ ናይ ማርያም ክብሪ ካብቲ ጸራቶ ዘላ ጉይታ ከምዝመጸ አነጺራ ተዛሪባ። ከምቲ ዳዊት ንጉስ ታቦት እግዚአቢሔር ከመይ ገሩ ናባይ ኪመጽእ (2ነገስት 6፡9) ዝበሎ ኤልሳቤጥ ከምኡ እናበለት ተገሪማ። አብዚ ንማርያም ብፅዕቲ ትብላ፥ ብፅዕንአ ኸአ ነቲ ብጎይታ ዝተባህላ ስለ ዝአመነት እዩ፥ አብዚ እምብአር እምነት እምበር ካልእ ናይ ጽድቂ ስራሕ ብምግባራ አይኮነን። ንሳ ከም እትፀንስ ወዲ ከም እትወልድ አሚና። ነዚ ዝፀነሰቶ ሒዛ እያ ናብ እንዳ ዘካርያስ ከይዳ። ሎሚ አብ መንጎና ክትብምጽኦ ትኽእል እያ።

ፍሉይ ትምህርቲ ማርያም ንነፍስ ወከፍና አብዚ ናይ ሎሚ ስንበት፡

- ንጽጉማት፥ ንኹሎም ሓገዝ ዘድልዮም ክንሕግዝ ድለት አምላኽ እዩ፥ ንሰብ ክንሕግዞ ከሎና ማለት ብንዋታዊ ሞራላዊ አብ ጸግሙ ክንካፈል ከሎና ምስኡ ውህደት ንፈጥር ካብቲ ዘልአ ክትንስእ ጸግዒ ንኾኖ። ንዝሓመመ፥ ንዝተጸገመ፥ ንዝሓዘነ፥ ምሕጋዝ ማርያም አብነትና እያ።

- ንዝተዋህበና ጸጋ አምላኽ አብ ክብሪ አምላኽ ክነውዕሎ ይግባእ፥ አምላኽ ጸግኡ ዝሀብ ንአምላኽን ንኸማና ዘበለ ሰብ ክነገልግለ ምእንቲ እዩ። ነፍስወከፍና ነናትና ጸጋ ተዋሂቡና አሎ ክነፍርዮ ናታትና ግደ እዩ። ማርያም አደ አምላኽ ከንሳ ንአገልግሎት ተበጊሳ ብዝያዳ ክትሕግዝ ወፊራ፥ ጸጋ ንሰናይ ተግባር የውፍረና። ጸጋ ዝጎደሎ ሰብ ጽቡቕ ክገብር ይጽግሞ ኸው ንመንገዲ አምላኽ ሓዲጉ ንጸጋም ይወፍር። ዘሎና ጸጋ አለሊና አብ አገልግሎት ክንወፍር እዩ አምላኽ ዝደሊ።

- ቤትና ቤት አምላኽ ክንገብሮ ኤልሳቤጥን ዘካርያስን አብነትና እዮም፥ ቤቶም ቤት አምላኽ ነሩ ከምኡ ስለ ዝኾነ ማርያም ምስ ወዳ በጺሓቶም ወላ እኳ አብ ከርሳ እንተ ነበረ። አምላኽ አብ ልብና ክሓድር ልብና ክንከፍተሉ ኸው ከም ማርያምን ኤልሳቤጥን ናይ ሓጎስ መዝሙር ክንዝምር። ሕይወትና ንአምላኽ ክፉት ክንገብሮ።

አብዚ ቅዱስ እዋን ዘመነ ጽጌ እምብአር መገዲ ማርያም ክንሕዝ አሰራ ክንክተል ኸው ምስ ወዳ ክተራኽበና እሞ ሓጎስ መንፈስ ቅዱስ አብ ልብና ዓዚዙ መዝሙር ውዳሴ ክንዝምር። ኦ ማርያም ንቤት ዘካርያስን ኤልሳቤጥን ሓጎስ ዝመላእኪ ሎሚ ንበኤተይ/ትና ሓጎስ ሰላም ምልእልና። ንሃገርናን ዓለምናን ሰላም ወድኺ ለምንልና ንበላ።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ